# ድጉል ረኽሲ ዓባይ-ሰዓል – ሕክምና ኪወሃብ ከሎ

ሓበሬታ ንተሓከምቲ ካብ ናይ ሽወደን ሓኪም ምክልኻል-ለበዳ።

## እዚ ሓበሬታ’ዚ ስለምንታይ ተዋሂቡኒ?

ኣብ ሓደ ዝተገብረልካ ምርመራ፥ ድጉል ረኽሲ ዓባይ-ሰዓል ከም ዘሎካ ኣርእዩ ኣሎ። እቲ ናትካ ሓኪም፡ መታን ኣብ መጻኢ ግዜ ዓባይ-ሰዓል ከይትሓምም ነቲ ሓደጋ ንምንካዩ ፥ ሕክምና ምግባር ከም ዘድልየካ ገምጋም ጌሩ ኣሎ።

ኣብዚ ብዛዕባ እንታይ ከተስተውዕል ከም ዘሎካ ክትፈልጥ ኢኻ።

## ረኽሲ ድጉል ዓባይ-ሰዓል እንታይ እዩ?

ረኽሲ ድጉል ዓባይ-ሰዓል ማለት፥ ብናይ ዓባይ-ሰዓል ባክቴሪያ ተለኺፍካ ኣሎኻ ማለት’ዩ። ኾይኑ ግን ብእኡ ኣይሓመምካን ዘሎኻ። ሓደ ሰብ ብናይ ዓባይ-ሰዓል ባክቴሪያ ምስ ተለኸፈ፥ እቲ ናይ ኣካላት መከላኸሊ ዓቕሚ ግብረ-መልሲ ስለ ዚህብ፥ ብምርመራ ናይ ደም ወይ ብምርመራ ናይ ቆርበት ኪዕቀን ይኽእል እዩ። መብዛሕትኦም ዝተለኽፉ ሰባት ጥዑያት ኰይኖም ዚቕጽሉ እዮም፥ ይኹንእምበር፡ ኣብቲ መጻኢ ህይወትካ ብናይ ዓባይ-ሰዓል ሕማም ንኽትጥቃዕ ንእሽቶ ሓደጋ ኣሎ እዩ።

እቲ ኣብ መጻኢ ህይወትካ ንኽትሓምም ዘሎ ተኽእሎ፥ እቲ ዝዓበየ ሓደጋ ነቶም ብሓድሽ ዝተለኽፉ ሰባት፥ ንነፍሰ-ጾራት፡ ሓድሽ ዝተወለዱ ዕሽላት፥ ቆልዑ፡ መንእሰያት፡ ከምኡ ውን እቶም ብምኽንያት ሕማም ወይ ናይ ሕክምና መድሃኒት ምውሳድ፥ እቲ ኣካላዊ ናይ ምክልኻል ዓቕሞም ዝጐደለ ሰባት እዮም።

## ረኽሲ ድጉል ዓባይ-ሰዓል ይላገብ ድዩ ?

ኣይፋል፡ ረኽሲ ድጉል ዓባይ-ሰዓል ኣይለግብን እዩ። ዓባይ-ሰዓል ከላግብ ዚኽእል፡ እቲ ሰብ ምስ ዚሓምምን እቲ ናይ ዓባይ-ሰዓል ሕማሙ ድማ ኣብ ሳምቡኡ ምስ ዚሰፍር ጥራይ እዩ።

## ንናይ ረኽሲ ድጉል ዓባይ-ሰዓል ሕክምና ምግባር የድልየኒ ድዩ?

እወ፡ እቲ ናትካ ሓኪም፡ ንመጻኢ ጊዜ ብዓባይ-ሰዓል ንኽትሓምም ዘሎ ሓደጋ ንምንካይ ኢሉ፥ ሕክምና ምግባር ዘድለያካ ምኺኑ ገምጋም ይገብር እዩ።

## ኣነ ክሓስበሉ ዘሎኒ ነገር እንታይ እዩ?

ሕክምና ምስ ተገብረልካ፡ ኵሎም እቶም ባክቴሪያታት ጠፊኦም ምኺኖም ንምዕቃን ዘኽእል ኣገባብ የልቦን፥ ስለዚ ኣብ መጻኢ ጊዜ ከም ብሓድሽ ክትልከፍ ትኽእል ኢኻ።

እንተደኣ ኣብ መጻኢ ጊዜ፡ ንነውሕ ዝበለ ጊዜ (ካብ ሰለስተ ሰሙን ንላዕሊ) ሽግር ናይ ምስዓል፥ ረስኒ፡ ናይ ጊዜ ለይቲ ረሃጽ ወይ ውን ብዘይ ድሌትካ ሚዛንካ ምጕዳል ምስ ዘጋጥመካ፥ ምስ ሓኪም ርክብ ግበር። ቅድሚ ሕጂ ናይ ረኽሲ ድጉል ዓባይ-ሰዓል ሕክምና ተጌሩልካ ከም ዝነበረ ድማ ንገሮ።

## ናይ ርክብ ሓበሬታ (Kontaktuppgifter)

ስም ቤት ሕክምና (Mottagning)…...……………………………………………………

…………………………………………………………………………...……….………

ቴሌፎን (Telefon)……………………………………………………………...……